ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይን ፍሳስን ከተማ አዕቢ ን2017 በጀት ዓመት ንቤት ፅሕፈትና ግልጋሎት ዝውዕሉ 1. ቆፅርቲ፣ካልኦት ንመስመር ፅገና ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ ፍቲንግታት ንHDPE ትቦን መገጣጠምን 2. ፅሕፈት መሳርሒ 3. ኢድ መሳርሒ ብግልፂ ጨረታ ኣዋዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጥሪ 6, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 22, 2017 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:Atsbi
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 22, 2017 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮንስትራክሽን ማሽነሪን ኣቁሑትን/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ቱቦታትን ኣክሰሰሪታትን/ ቅፋሮ ማይ ኢንጂነሪንግ ማሺነሪ, ኣቁሑትን ኣክሰሰሪ/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይን ፍሳስን ከተማ አዕቢ ን2017 በጀት ዓመት ንቤት ፅሕፈትና ግልጋሎት ዝውዕሉ

1. ቆፅርቲ፣ካልኦት ንመስመር ፅገና ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ ፍቲንግታት ንHDPE ትቦን መገጣጠምን

2. ፅሕፈት መሳርሒ

3. ኢድ መሳርሒ

ብግልፂ ጨረታ ኣዋዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ክትወዳደሩ እትደልዩ ሕጋውያን ነጋዶ ነዞም ዝስዕቡ ረቂሒ እተማልኡ ንክትወዳደሩ ንዕድም፡-

ተጫረቲ ከማልእዎ ዝግባእ ረቂሒታት

1. ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎን ናይ 2017 ዓ/ም ንግዲ ፍቃድ ዘሐደሰን

2. TIN Number ዘለዎን ኣብ መቅረባይነት ዝተመዝገበን

3. ሻት ዝተመዝገበን ናይ ወርሒ ታሕሳስ 2017 ዓ/ም ዲክለር ዝገበረን

4. ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ሻት ዝሓወሰ ክከውን አለዎ።

5. ናይ ጨረታ መኽበሪ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ወይ ብጥረ ገንዘብ ንቆፀርትን ካልኦት ንፅገና ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ ፍቲንግታት፣ንHDPE መገጣጠምን ኢድ መሳርሒን 50,000 ብር /ሓምሳ ሽሕ/ ብር፣ፅሕፈት መሳርሒ ካልኦትን20,000 ብር /ሚስራ ሽሕ/ ብር ብሽም ቤት ፅሕፈትና ከትሕዝ ዝክእል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

6. ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ዶክመንት ሰነድ ካብ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይን ፈሳስን ከተማ ኣዕቢ ኣብ ጥቃ ኢ/ያ ንግዲ ባንክ ኮይኑ ቢሮ ቁፅሪ 02 ከ/ስ/ዕ/ፋ/ን/ምም/ር ንዘይምለስ 300.00/ሰለስተ ሚኢትን ብር/ከፊልኩም

ትወስዱ።

7. ተጫረቲ ነጋዶ እቲ ዓይነት ንብረት ብንፁር በቲ ዝወፀ ስፔስፊኬሽን ናይ ሓደ ዋጋን ጠቕላላ ዋጋን ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ኣብ ዝተኣሸገ ፖስታ መሊኡ ኦርጅናልን ፎቶ ኮፒን ነንበይኑ ዓሺጎም ኦርጂናልን ፎቶ ኮፒን ተባሂሉ ኣብ ፖስታ ይፀሓፍ።

8. እቲ ጭረታ ብዝተፋላለየ ምክንያት ከዛብዑ ዝፈተኑ ተጫረቲ እቲ ቤት ፅሕፈት ካብ ጭረታ ወፃኢ ገይሩ ዘትሓዝዎ

ትሕጃ ናብ ቤት ፅሕፈት ካዝና አታዊ ብምግባር ንቀፃላይ ከይሳተፉ ይገብር ።

9. ተጫራቲ ድሕሪ እቲ ናይ ጨረታ ሳፁን ምክፋቱ ጨረታ ኣይሳተፍን ምባል ኣይፍቀድን ከምኡ ንዝበለ ዘትሓዘ ትሕጃ ናብ ቤት ፅሕፈት ኣታዊ ይከውን።

10. ተጫረቲ ኣብ ዘቕርብዎ ኦርጅናልን ኮፒን ዶኩመንት ኣብዝባን ዝተዓሸገ ፖስታ ሸም፣ፊርማ፣ማህተምን ስ/ቁዕርን ከስፍሩ ኣለዎም።

11. ናይ ባዕልኻ እስፔስፊኬሽን ምፅሓፍን ምምላእን ኣይፍቀድን።

12. ቤት ፅሕፈትና 25% ናይቲ ዝተስዓረ ንብረት መጠን ናይ ምውሳከን ምቕናስን መሰል ኣለዎ።

13. ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ን30 ማዓልቲ ይከውን ።

14. እቲቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲጨረታ ብኽፋል ይኹንብምሉእ ናይምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ። 15ጨረታ ኣብ ኣየር ዝፀንሐሉ ካብ ዕለት 06/05/2017 ዓ/ም ክሳብ 22/05/2017 ዓ/ም ኩሉ ግዜ ኣብ ስራሕ ሰዓት

16. እቲ ጨረታ ዕለት 23/05/2017ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 08፡00 ተዓፅዩ ዕለት23/05/2017 ዓ/ምሰዓት 08፡30 ተጫረቲ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኸፈት።

17.ኣብቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቀሰ ሰዓት ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪሎም እንተዘይ ተረኪቦም ቤት ዕዮና ጨረታ ፖስታ ምክፋት መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

18. ተጫራቲ ምስዓሮም ምስ ተረጋገፀ ድሕሪ ናይ ቅሬታ 3 ማዓልቲ ኣብ ውሽጢ 3 ናይ ስራሕ መዓልቲ ውዕሊ ክኣስር ዝኽእል

19. ሰዓራይ በቲ ጭረታ መምርሒ መሰረት ውዕሊ እንተዘይኣሲሩ ቤት ፅሕፈትና ን2 ሰዓራይ ውዕሊ ዘእስር ምኳኑ።

20.ዘሸነፈ ተጫራታይ ድሕሪ ውዕሊ ምእሳሩ አብ ውሽጢ 7' ማዓልቲ ናብ ቤት ፅሕፈትና ብናይ ባዕሉ ትራንስፖርት መፅዓንን መራገፍን ኣታዊ ይገብር፡

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0914161243 /0914411872 ምሕታት ይካኣል እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle